ስነ-ጥበብ

ደሃይ ስነ-ጥበበኛታት

[illegible]

ጥዑምዝጊ ተስፋይ



ናብ ኩርባታት ስነ-ጥበብ ንኽትሓኩር፣ ቀሊል ዘይኮነ ዓቕብ ደይባ እንተ ኾንካ፣ ዚያዳ እዚ ሰማዕቲ ዝረኸበት ግን ቡታ "ወዲ ተምነዎ" እትብል ባህላዊት ዜማ እያ። ደምጻዊት ጉዑት ተኸለሃይማኖት፣ ኣብ 2005 ዓ.ም ኣብ ማትኣ ጥንድ ናይ ትልሂት እጃም ሒዛ ምስ ተጻንበረት፣ ኣፍላ ናይ ስነ-ጥበብ ፍቕራ ኣብ ወሽጣ እናጉላዕለዐ ከይዱ። ኣብ'ታ ጥንድ፣ ሓፍታ ሰምሃር ተኸለሃይማኖት እውን ደምጻዊት ኮይና ትሰርሕ ነበረት። ተለሃይቲን ደምጻውያንን'ውን ኣብ ጠበይ ቦታ ኮይናም ይለማመዱ ስለ ዝነበሩ፣ ጉዑት፣ ንደምጻዊት ሓፍታ ደልያ ናብ'ቶም ደረፍቲ ትቀላቐል ነበረት። ደርፊ ጎፍ ክብላ ከሎ ድማ ትደግም። ማትኣ ጥንድ፣ ንፌስቲቫል ኤርትራ 2005 ልምምድ እናገበረት ከሎ፣ እቶም ደርፊ ክትደግም ዝሰምዑዋ ዝነበሩ መዚቃኛታት፣ "ደምጽኺ ጽቡቕ እዩ ዝመስል፣ ደራፊት ክትከዊ ትኽእሊ ኢኺ" ክብሉ፣ ኣደህቦ ዘይገበረትሉ ተውህቦ ከም ዘለዋ ኣተንብሀምሉ። ጉዑት ተሰፋ ገይራ። ብኡ ንብኡ ከኣ "ሽለል" እትብል ደርፊ ተዋሂባ ክትለማመድ ጀመረት። ኣይሰከፈትን - "ደራፊት ክትከዊ ትኽእሊ ኢኺ" ምባሎም እውን ንተስፋ ጥራይ ከም ዘይነበረ ተገዚባ። ኣብ ፊስቲቫል ኤርትራ 2005 "ሽለል" ብእትብል ደርፊ ተቐልቀለት።

ማትኣ ጥንድ ኣይቀጸለትን። ጉዑት ግን ኣብ 2007 ናብ ጉጅለ ባህሊ ከዋኽብቲ ሪም ኣቢላ። ኮይኑ ግን ኣብ'ታ ጉጅለ ባህሊ ጀሚራ እምበር ኣይቀጸለትን። ግን ኑቲ ሓንሳብ ዝርሓወቶ መንገዲ ተኸቲላ፣ ካብ ክሊ ስነ-ጥበባዊ ዕዮ ኣይወጸኣትን። ብውልቃ፣ ኣብ ፒያኖ ባርን ካልእ ኢጋጥሚታትን ምዕያይ ተተሓሒዛቶ።

ሓይልዝጊ ብርሃኑ ምስ ስነ-ጥበበኛ ታልከ ምስ ኣራኸቡ፣ ምስ ካልኦት ሰባት ናይ ደምጺ ልምምድ (Vocal training) ጀሚራ። ኣብ ልዕሊ ተውህቦኣ፣ ኣብ ኣተኣላልያን ኣወጻጽኣን ደምጺ፣ መሰረታዊ ኣፍልጦ ክትሕዝ ከኣ ሓጊዙዋ።

ኣብ ዝኸደ ስርሒት ፈንቅል 2011፣ ብሰለሞን ድራር ኣብ ዝተደርሰት መዚቃዊት ድራማ፣ ሓንቲ ደርፊ ሒዛ ቀሪባ። ኣብ 2012 ኒታ ብሰለሙን ድራር ዝተደርሰት "ወዲ ተምነዎ" እትብል ክሊፕ ምስ ዘርግሐት፣ ኣብ መራኸቢ ብዙሃን ብሰፊሑ ክትረኣ ጀመረት። ብዓቢኡ ናብ ህዝቢ ዘቃልዓታ ደርፊ እውን "ወዲ ተምነዎ" ነበረት። ብኡ ኣቢሉ ፍቕሪ ደርፊ ንፍቕሪ ትልሂት ምስ ሰዓሮ፣ ንትልሂት ሕቝፊ ሂባቶ።

"ወዲ ተምነዎ' ፈለማ ምስ ተቐበልኩዋ፣ ማዕረ ክንድኡ ክትሰማዕ እያ ዝብል ግምት ኣይነበረንን" እትብል ጉዑት፣ ኣብ 2012 "እኣምኖ" ትብል ንጽን ደርፊ ዘርጊሓ። "ተሰኪፈ" ትብል ውን ኣሰዒባ። ኣብ 2015 ክሊፕ "ንኻልእ ከይዝብኒ" ዘርጊሓ። ሕጂ እውን፣ ግጥምን ዜማን ብኤፍሬም ካሕሳይ (ወዲ ኳዳ) ዝተደርሰላ "ኑቢስ" ዝበለታ ክሊፕ ወዲኣ ከም ዘላ ትሕብር።

ስነ-ጥበበኛ ጉዑት፣ "ስለምንታይ ወዲ ተምነዎ?" ዝብል ሕቶ እንክትምልስ "ኣብ ደርፊ፣ ንጹ-ባህሪ ስም ምሃብ ልሙድ እዩ። ወይ እውን ሓሳለይ፣ ፍቕረይ፣ ንጉሰይ. . . እናበልካ ንዕኡ ብዘውክሉ ኣገራት ትገልጾ ኢኻ። ወዲ ተምነዎ - መጸውዒኡ ኮይኑ፣ እቲ ስም ዝያዳ ምስ ባህላዊ ኩነታትና ዝዛመድ ኮይኑ ይሰምዓኒ። ብዓቢኡ ድማ እታ ደርፊ ናብ ባህልና ዝዘበለት ስለ ዝኾነት እዩ ሰለሙን ድራር ከምኡ ክጥቀም መሪጹ። ትሕዝቶኣ፣ ብዛዕባ ሓንቲ ብጨካንን ትዕቢተኛን ሰብ ዝተገፍዐት ጓል ኣንስተይቲ፣ ደሓር ግን ዘበና ኮይኑ ናብራኣ ምስ ጥጥሓላ፣ ተመሊሱ ክልምና ከሎ እተህቦ መልሲ እዩ። ንኽሉስ ዘበን ከም ዘለዎ - ሰብ ኩሉ ግዜ ተወጺዑ ከም ዘይነብር፣ ዘበና ኮይኑ ከኣ ከም ዝሓለፈ እያ እትነግሮ" ትብል።

መሰለካ እምበር. . . ዝዓይኑ፣ ግብረ-መልሲ። "ባህላዊ ወይ ንባህሊ ዝመስል ደርፊ ደስ ይብለኒ እዩ። ወዲ ተምነዎ ከኣ ከምኡ ምኳና ተቐቢሊያ። ሓቂ ይሓይሽ ኣብ ፊለሙ፣ ግጥሚ ንብዩቱ ምስ ተወሃበኩ "ወዲ ተምነዎ ደኣ. . ." ኢለ ነይረ። እቲ ቃል ሓዲሱኒ። ደሓር ምስ ዜማኡ ምስ ፈተንኩዋ ግን ብጣዕሚ ፈትየያ። ክሳብ እትሕተም እናደጋገምኩ እደርፉ ነይረ"

ኣብ ደርፊ ንኹሉ ዛዕባታት ወይ ኣርእስቲ ክትደህሰስ ደስ ከም ዘብላ እትገልጽ ጉዑት፣ "ብሕልፊ ግን ብዛዕባ ዝተበደለት፣ ዝተወጸዐት፣ ዝተገፍዐት ጓል-ኣንስተይቲ ክደርፍ ደስ ይብለኒ። ኩሉ ሓላፋይ ስለ ዝኾነስ ኣጆኺ፣ ተሰፋ ኣይትቑረጺ. . . እናበልኩ ክተባብዓ ስለ ዝደሊ። ኣብዛ ሕጂ ኣፋሪቐያ ዘለኹ ካሴት ከኣ፣ ከምኡ ዝበለ ሓሳብ ከእቱ እዩ መደበይ።" ትብል።

ዘበን ይቐዱ ዘበን ይዛሪ
ዘበን'ዩ ጎይታ ኹሉ፣ ኣንታ ሃላሊ
ዘበን መዋእል መዓስ ነይሩካ
ዘበይ ተቐይሩ ወረ ክህቦካ
ንዓኻ ኣሚነ ሓዳር ክኸውለይ
ልበይ ሂቦካ ኣዝርየ ፍቕረይ
ማሕላ ጥሒስካዮ ሰዓ'ቲ ጥልመትካ
ዋይ ሰብ ኣሎሞ ከኣሊ ይመስሎ
ዝህብ ዝኽልእ ፈጣሪ እንክሎ. . .

መን እዩ ዝምህረኪ? ደርፍታትኪ'ኸ ብኸመይ ትመርጽዮም? "ዜማታት ደጊመ ምስ ሰማዕኩዎም ባህ እንተ ኢሎሙኒ እየ ዝጥቀመሎም። ኣብ ግጥሚ ከኣ ንክኢላታትን ዓበይቲ ስነ-ጥበበኛታትን ርእየለይ እብሎም። ገለ ርኢቶታት እንተ ሂቦሙኒ፣ ዝመሓየሽ እንተሎ ምስ ጉጥሚይ ተረዲኡእና ለውጢ ንገብረሉ ወይ እውን ካልእ ግጥሚ ይቕይረለይ። ብዘውሳኺ፣ ዋላ ክንዲ ናይ'ቶም ምኩራትን ክኢላታትን ኣይኹን እምበር፣ ኣነ እውን ብዓቕመይ ኣስተማቕር እየ።"

ብፍቕሪ ስነ-ጥበብ፣ ኣብ ጻዕሪ ንጥበብ ዝተጸምደት ጉዑት፣ ኣብ ልዳት ጥበብ ከም ዘላ ብምግላጽ፣ ባህጋ ግን ክጽዮኡ ኣብ ዘሎ ውሻጠ ምሕንባስ እዩ። "ፈላሚት እየ ዘለኹ፣ ጻዕረይን ባህገይን ግን ዓባይ ስነ-ጥበበኛ ምኳን እዩ። ኣምላኽ ይተሓወሶ!" ብምባል፣ ንና ሰገር ተማዕዱ ከም ዘላ ትእምት።

ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ኣብ ደርፊ ጸቒጣ ትሰርሕ እምበር፣ ድራማታትን ፊልምታትን ናይ ምስራሕ ባህጋ እውን ኣየዋደቐቶን። ምስ ጉጅለ ባህሊ ማእገር፣ ኣብ ሕዳር 2015 "ምንቃሕ'ዩ ወሳኒ" ብዝብል ቴማ ኣብ ዝተዳለወት ድራማ "ሚሉኑ"፣ ከም ቀንዲ ተዋሳኢትን ደምጻዊትን ኮይና፣ ንኣስታት ወርሒ ኣብ ምሉእ ኤርትራ ዑደት ዝገበረት ስነ-ጥበበኛ ጉዑት፣ ብኣወል ስዒድ ኣብ ዝተደርሰት ፊልም "ጠዕ ኣብ ዓለሙ" ከም ሃገራም ዋና ባር፣ ብፊልሞን የማነ ኣብ ዝተደርሰት ፊልም "ሰላም"፣ ብሸንኪ ኣብ ልዕሊ ዓርኪ መሓዛኣ ዝሓደራ ፍቕሪ ንኸልተኣዩም እተባእሰንደሓርተጣዒሳ ይቕረታ ብምሕታት እትዓርቐን፣ ብዮናስ ምሕረትኣብ (ማይናስ) ኣብ ዝተደርሰት ኮሜድያዊት ድራማ "ሕጉሻ ተሓጉሻ" ከም ጓል ገዛ ዝተዋሰአት ክትከውን ከላ፣ ናይ ምውሳእ ፍቕሪ ክሳብ ሕጂ ዘሎልያ ዘሎ እዩ።

ኣብ ኣቦሻውል ተወሊዳ ዝዓበየት ስነ-ጥበበኛ ጉዑት፣ ምስሊ ኣቦሻውል እተንጸባርቕ ኣብ ዝበለታ ፊልም፣ ደምጻዊትን ተዋሳኢትን ኮይና ከም ቀንዲ ገጸ-ባህሪ ከም ዝጸየትን እታ ፊልም ኣብ ቀረባ እዋን ክትረአ ትጸበ ከም ዘለዋን ትገልጽ። ኣብ'ታ ብሰላም ጎይትኦም ዝተደርሰትን ብሕጂ እትዘርጋሕን ፊልም "ጓል ሻውሊይ መሊዩ" ከም ደራፊት፣ ትሕትቲ፣ ትርኢትን ኣትብራን ኣብ ሻውል ከም'ቲ ብመብዝሕትኡ ዝበሃል ከም ዘይኮነ እትገልጽ፣ ስለ ጉዳውታ እትሓልፍ ቀንዲ ገጸ-ባህሪ ኮይና ዓያያ።

ዓሚቑ ፍቕሪ ስነ-ጥበብ ከም ዘለዋ ዘይትሓብእ ጉዑት፣ ብሕልፊ ኣብ'ዚ ቴክኖሎጂ ኤለክትሮኒክስ ተወንጪፉሉ ዘሎ እዋን፣ ስነ-ጥበባዊ ፍርያት ብዘይጻማ ሰራሓሉ ብቐሊሉ ተዘርጊሑ ኣብ ሰማዕቲ ከም ዝበጽሕ ብምግላጽ፣ ኣብ ምስራሕን ምዝርጋሕን ካሴት ፋይናንሳዊ ዓቕሚ ከም ዘድልያ፣ ግን ከኣ ብፍቕሪ ስነ-ጥበብ ተደሪኻ ሓርኮትኮት ካብ ምባል ደው ከም ዘይበለት ትገልጽ።

ደሃይ ሕትመት

ንመን'የ ዝኣምን!?!
ብሰንኪ ቀፈጥሮኣዊ ቀንጅና ዝጋጥም ሽግራት እትድህስስ መጽሓፍ!!
ሳሙኤል ተኽለ

ኣዳራሽ ሲኒማ ሮማ ኣብ 7 ጥቅምቲ 2016፣ ሰዓት 06 ድሕሪቐትሪ መመረቕታ ብሳሙኤል ተኸለ ናይ ዝተደርሰት ኣብ ሓቀኛ ዛንታ ዝተመርኮሰት መጽሓፍ "ንመን'የ ዝኣምን" ኣኣንጊዱ ነይሩ። ኣብ'ቲ ስነ-ጥበበኛታት፣ ኣፍቀርቲ ንባብ፣ ስድራ-ቤት ደራሲን ዕዱማትን ዝተረኸቡሉን ብትእምርቲ ተኸለወይኒ ዝተመርሐን መደብ፣ ንመፈለምታ መደብ ደምጻውያን ሳንድሮን ድራርን ሓሓንቲ ደርፊ ዘቕረቡ ክኾኑ ከለዉ፣ ስነ-ጥበበኛ ነጻት ኣረደኢን ተማስጦኣ ኣብ'ታ መጽሓፍ ኣካፊሉ።

ደራሲ፣ ናይ ነዊሕ ድኻሙን ሕልሙን ኣብ ምዕራፉ ከበጽሕ ብምኽኣሉ "የሃና እንቋዕ ናብ'ዚ ኣብቅዓኒ" ዝበሎ ነጻት፣ ኣብ ዘቕረቦ ሰፊሕ ዝበለ ተማስጦኣዊ ጽሑፍ፣ ኣብ ሓቀኛ ዛንታ ዝተመርኮሰት መጽሓፍ "ንመን'የ ዝኣምን" ብመንገዲ ብዙሕ ዝተበደለትን ማእለያ ዘይብሉ ሕልኽላኽ ክትሓልፍ ዝተቐሰበትን ሳብሪና ዝተባህለት ገጸ-ባህሪ ኣቢሉ ንህይወት ብዙሓት መንእሰያት ደቂ-ኣንስትዮ ብፍላይ ከኣ ንምልክዓትን ውዕውዓትን ዝውክል ዛንታ ጋሊሃ ንምርኣይ ከም እተፍትን ብምብራህ፣ ኣብ'ቲ ዛንታ፣ ሓቂን ሓሶትን፣ ፍቕርን ጽልኢን፣ በደልን ይቕረ ምባልን፣ እምነትን ክሕደትን፣ ጽግዕትን ጥልመትን፣ ሃብቲን ድኽነትን፣ ልቦናን ዕሽነትን፣ ምድግጋፍን ብቐን ውድቀትን ዓወትን፣ ገበንን ሕጊን. . . ብምህላዎም ልክዕ ከም'ቲ እዞም እወታውያንን ኣሉታውያንን ስምዒታት ኣብ ህይወት ምስ ዝኸዱሉ ንመቕረት ሂወት ዝኾድሉዎ፣ ንመጽሓፍ "ንመን'የ ዝኣምን" ምቕርቲን ተኣባቢትን ክንብሩዋ ከም ዝኸኣሉ ገሊጹ፣ ስነ-ጥበበኛ ነጻት፣ ገለ ተምሳጥ ዘሕደሩላ ኣበሃህላታት ዝጠቐሰት ክትከውን ከሎ ኣብ መወዳእታ ንተቦኾኦ ደራሲ ሳሙኤል ብምድናቕ፣ ካብ ዕቑር ሓይሉ ክንዲ ንጣብ ንብዖት ጥራይ ከም ዝተጠቕመን ብዝመከሮ በሲሉ ዓበይቲ ስራሓት ንኸቕርብ ብርቱዕ ከይገድም ተላብዩዎ።

"ኩመለይ" እትብል ደርፊ ብሰልሻና ድሕሪ ምቕራብ፣ ሚሪ መሓሪ ኣብ ዘቕረበቶ ሰፊሕ ገምጋም፣ ዛንታ ሳብሪና ንኽቡቦታን ለጠቕታን ምንጋር፣ መንፈሳዊ ቃንዛን ደቢሱ ተጻሪሪት ወዲ ሰብን ፈተንቲ ኢጋጥሚታት ህይወትን. . . ፣ ኣብ ክሊ ህይወት ምልክዕቲ ውልቀሰብ ኣሰሪ ገጸ-ባህሪ ዝጋጥማ ሓርኽዃኽ ህይወት፣ እተማዕድዎ ተሰፋ፣ ኣጠቓሊላ ክትፍትሽ እትፍትን ምኳና፣ ጸገም ኩሉ ሰብ ብዓቢኡ ድማ ደቂ-ሄዋን፣ ኣብ መንጸር ዛንታ ሳብሪና ጠሚትካ ክተኩማስዕ እትቕስብ መጽሓፍ ምኳና ኣተንቢሃ።

ድሕሪታ ብመትከል ዝቐረበት "ኣይትንበዒ" እትብል ዜማ፣ ደራሲ ሚካኤል ተኸለ፣ ኒታ ዛንታ ክጽሕፍ ዝደረኾ ምኽንያት ሰብት ብዛዕባ ጽባቐ ከዕልሉ ብምስማዑ፣ ብጽባቐን ታሕጓስን እተማርር ጓርዞ ምስ ረኸበን ምኳኑ ገሊጹ። መመረቕታ መጽሓፍ "ንመን'የ ዝኣምን" ኣማስያኡ ብኮታም ደራሲን መሻጣ መጻሕፍቲን ተዛዚሙ።